**ሰብ ሕድሪ ኢና!**

ብጴጥሮስ ተኽሉ (ሓላዪ)

07/10/2016

ብዕብየት ደሞክራሲያዊ ውድብ **ኤስደለ** (ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራሲያዊ ለውጢ)ንዝተሓቀኑ፡

ራዕዲን ሸበራን ከተኣታቱ ዘውጠጢ ዘዕጠጢ፣

ኮንፈረንስ ኤስደለ ኣብ ደንቨር ብዓወት ተዛዚሙ

ህግደፋውያንን መሰልቶምን ከብድኹም ሕመሙ

ኣብ ጽባሕ ኮንፈረንስና ዝጠቕኩሞ ኣይበሰለን ገርዚሙ፡

በጽባጺ ማይ ከይጠፍአ ጽሩይ ማይ ነይስተ

ማይ ተዘራሪት ከይጸፈፈ ጽሩይ ማይ ነይስተ

ኣንታ መንዩ ወርቂ መንከዩ ዝመረተ

ኣነ ዝገርመኒ ኣቶም በላዕቲ ኣብ ክልተ!

**ሰብ-ሕድሪ ኢና!** ኣቱም ደቂ ሕድርትና

ብሉጻት ብጾትና ዝኸፈልና

ደለይቲ ስምረት ካብ ፍልም ቃልስና

ከም ቀደምኩም ደቂ ሕድርትና/ደቂ ስዉራትና

ንዓና ጸለመ ምዓስ ሓዲሽ ኮይኑና፣ ዝነበረዩ መተዓብይትና

ፋሉል ድጉል ፋሉል ጽልዋለዎም ክትብሉና

ደቂ መስመር ምኟንና ግን ፈልከትኹ ኣይበልና፡

እታ ሸጣራኹም ሎምስ በልያ

"ኣደ! ከይቀደምትኪ ሓባል በልያ

ጉድኩም ተቐሊዑ ኣብ ጻጥሕ ኣብ ጽርጊያ

ቃልስና ግን ንጹርዩ ዘይብሉ ምጉያ፣

ትብዓት ዝውንን ዝተኣማመን ኣብ ነብሱ

ምዓስ ነገር ይጽሕትር እንዳበለ ተበኣሱ

ፖለቲካዊ-ንጼትኩም መሊሱ ብኢሱ

ንዕቤት ንጹሃት ዉፉያት ትፍትኑ ክትደቀሱ፣

ተበልጽትን ጸበብቲን ብዕብየት ኤስደለ ራዕዲ ዝሓዞም

ተዳልዮምሉ ኣብ ጽባሕ ዕዉት ኮንፈረንስና ጸለመ መሪጾም

ንመን ከይጠፍኦ እቲ ንብዓት ሓርገጾም

ጌና ከጸልሙ ኢዮም እንዳኸወሉ ገጾም

ንፋስ ፖለቲካኦም በድኒ ዋላ ኣፎም ጎጽጒጾም

እቶም ተቀበልቲ መርበባትከ እንታ'ዩ መርገጾም፧

**"ንዝሞተ ምብካይሲ ዋይ ንበድኒ"** እንዲዩ ኮይኑኒ

እወ! ሕማቕ ሰብ፣ እንተሎ ሓሳዊ፣ምስ ሞተ ጨናዊ፣

ታሪኽ ይመርመር ይፈተሽ ኩሉ

ሎሚ መፍኮሲኦም ፈቲኖም ጽባሕ ዝብሉ ኣሉ

ክንደይ ከይስሕትዎ እቶም ዘስተብሃሉ

ደለይቲ ፍትሒ! ኣጆኹም ዓንድሩ ዝለሉ

ኤስደለ ይውንጨፍዩ ዘሎ ኣብ መስመር ጽላሉ ፣

ኣብነታዊያን መራሕትና ምስ ብሱላት ካድራት

ሓያል ዝተፈተኑ ናይ ቃልሲ ምኩራት

ጌና ከየሕወዩ ናይ በለጽ ስንብራት

ደግሲ ዶ ንበሎ ከም ሕሙም "ሰብ-ዓራት"

ኤስደለ ክንዲ ንሃገራዊ ባይቶ ዘገልገለ ብዘይ ገለ ሕቶ

በቲ ናቱ ኣርማ ባዕሉ ዝኣመቶ መንዩ፧ ብጸለመ ዝምጒቶ፧

ነገር ቢቲቢቶ ከተእትዉ ትፍትኑ ዘራጊቶ

ነኻሲና ተመን ምዓስሞ ንስሕቶ፣

ናታቱም ነገር ደረስቲ ሓሶት መስሓቕ ሸራፋት

ሳተላይት መርበብ ሓበሬታ ዝለጠፈት ኮይና ኣብ ዓራት

**ወይ በሃሊት ትኹን ወይ በሃሊኣ ተምጽእ!**

ካብኡ ዝኸፍእ ከይመጽእ!

**ድሕሪ ዕዉት ኮንፈረንስ ደንቨር**

ዝረዓዱ ተበሉ ደንበርበር

ኣባላት ኤስደለ’ሞ ምዓስ ዓያሹ

ጽኑዕ’ዩ መትከሎም ኣብ ዝገሹ ይጊሹ

ህዝበይ! ባዕልኺ መምዪ መንዩ ዘበላሹ፤

ተረፍ መረፍ ህግደፍ ዝሓዞም ለበዳ መንደፍ

ጸለመን ጠቐነን ኣሕፈሶም ተብዝሑ ሃተፍተፍ

ሰፈር ዕኮት ኣይትተንክፍዩ ነገሩ

ብኣንጻሩ’ኳዳኣ ካብቲ ከም ወርቂ ተፈቲኑ ዝሓለፈ ተመሃሩ

**ኤስደለ** ደላይ ስምረት፣ ስምረትያ ሚስጢረ ማህደሩ

ተወከሱ ነቶም ዝወዓሉ ክምስክሩ

ኣብ መላእ ዓለም ፋሒልካ ዘሎኻ ደላይፍትሒ ንስኻ ኢኻ ምስክሩ

ሎሚስ ድማ ብስላዕ ተወላወልቲን ጸበብቲን ብእልፊ ወኻሩ፣

ኣንታ ፈራሕ ብደሓር ኮንካ ተናቀኑት ተነውር

**ኣነ ኣባል ኤስደለ ኢየ።** ፍልም ክሕብር

ብዘሎኒ ዓቕመይ ምስ መራሕቲን ክድራትን

ንህግደፍ ንምክት ኮይንና ኢድን ጓንቲን።

**ኤስደለ ሓቀኛን ፍትሓዊን መስመሩ ሒዙ፣ ምስ ዉጹዕ ዝህቡ ተሓባቢሩ ብምቅላስ ናይግድን ክዕወት ኢዩ!**

እቶም መንከይፈልጦ ኢልኩም ነዕብየት ውድብና ንምድቋስ ንጸለመ ዝተዋፈርኩም ወይሌኹም! ምንባር ኣይድገምን ኢዩ!

በዓል መትከል ተቓለስ! ተወላዋሊ ተመለስ! ሕጂዶ ኤስደለ ንደሓር ክይትምለስ!

መስመር ደሞክራሲ ይቃመም’ዩ ዘሎ፣ ይኽለስ ይቅለስ፣

መስመር ቀላሲ ኣቃሚሙ ይኽልስ፣ ኣነጺሩ ይቅልስ፣

ኣይንብርከኽን ንደሓር የለን ምልስ! ሰብ-ሕድሪ ኢና፣ ሕልናኹም ይፍረዶ።

ዘልዓለማዊ  ክብሪን ዝኽሪን ንስዉኣትና!